# መንግስታዊ ስትራተጅን ውጥን ተዳልዎነትን ለበዳ-ኮቪድ-19

## ለበዳ ኮቪድ-19 ንምትሕሓዝ መንግስቲ ንስትራተጅን ተዳልዎነትን ኸላሊስዎ ኣሎ። ላዕለዋይ ዕላማ ስትራተጅና ሓለዋ ቊጽጽር ለበዳ ምዕቃብ ኢዩ። ሃገራውያን ይኹኑ ከባብያውያን ሰበስልጣናት ንዘሎ ኩነታት ብጥቡቕ ክከታተልዎን ብቕልጡፍ ድማ ከከም ኣድላይነቱ ስጉምቲታት ከተኣታትውን ኣለዎም።

ብኣጋጣሚ ዳግመ-ክፍታ ብዕለት 25 መስከረም ኖርወይ ናብ ተወሳኺ ተዳልዎ ዘለዎ ንቡር መዓልታዊ ህይወት ተሰጋገራ ኢያ። ዘለናዮ ኩነታት ለበዳ ግና ዛጊት እዚ ክንብሎን ክንገማምቶን ዘይንኽለሉ ኩነታት ለበዳ ኢዩ ሰፊኑ ዘሎ። ለብዒ እናገነነ ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ድማ ተጽዕኖታት እናኸበደ ብምኻዱ ንሕብረተሰብና ገዚፍ ብድሆ ኰይኑዎ ይርከብ። [ዘለናዮ ኩነታት ብምግናኑ ገለ ክንደራርት ዘድሊ ብምኳኑ መንግስቲ በዚ ምኽንያት ብዝሕ ዝበሉ ሃገራውያን ስጉምቲታት የተኣታቱ ኣሎ/Situasjonen nå tilser at det er behov for å stramme inn noe, derfor innfører regjeringen flere nasjonale tiltak.]

እንጥቀመሉ ስትራተጂ ኣብ ናይ ቅድመሕጂ ዝነበረ ዝተሞርኰሰ ኰይኑ ኣብ ገለ ገለ ቦታታት ነሐድሶ ኣለና። ከም ላዕለዋይ ዕላማ ተታሓሒዝናዮ ዘለና ቊጽጽር ለበዳ ምዕቃብ ኰይኑ፡ ንኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ተጽዕኖታት ከየኸትለሉ ካብ ግኑን ጾር ሕማማትን ተሓከምትን ንክንካላኸል ኢዩ። ማዕረ ማዕሪኡ ህዝባውያን ኣገለግሎታትና ብርትዓዊ ደረጃታት ምስሳይን ቊጠባና ምጽዋንን ኢዩ።

ሳዕቤን ኩነታት ለበዳ ንኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን የአፍፎ ብምኳኑ ኢዩ። ሆስፒታላትን ኣገልግሎታት ንኡሳን ዞባታት ካብ ተጽዕኖታት ክገላገላ ኣለወን። ስለዚ ድማ ስትራተጂ መንግስቲ ከም ዝስመረሉ ቊጽጽርን ሃገራውያን ሰበስልጣናት ብተሎ ከከም ኩነታቱ ንስጉምቲታት ከትርራ ወይ ንከፋኹሳ ከም ዘለዎም ኢዩ።

ነዚ ንምስላጥ ንኡሳን ዞባታት ይኹና ካልኦት ኣካላት መታን ቀልጢፈን ስጉምቲታት ከተኣታትዋ ተዳልዎአን ኣብ ሓደ ውሱን ደረጃ ከጽንሕኦ ኣለወን። ኣብ ዘድሊ ቀልጢፍና ስጉምቲ ብምውሳድ ቊጽጽር ለበዳ ንክንዕቅብ ተዳልዎና ኣገዳሲ መሰርያ ይኹውን ኣሎ።

## ቀየስቲ ትንባሀታት

ስግኣታትን ስጉምቲታትን ንምግምጋም ቀየስቲ ዝኾኑ ትንባሀታት ኣብ ስትራተጅና ተስተኻኺሎምን በሪሆምን ቀሪቦም ኣለው። ስግኣታትን ስጉምቲታትን ንምግምጋም ኣብዞም ዝስዕቡ ሽድሽተ ቀየስቲ ትንባሀታት ይምርኮስ፡

- ብዝሒ ተዓቄብትን ዕቑባንን ተሓከምቲ ሆስፒታላትን (ጠቕላላ ዓቕሚ ዕቄባ ተሓከምቲ)
- ዓቕምትት ቦታ ዕቄባ ጽዑቕ ክንክን ዝሓቱ ተሓከምቲ
- ዝርጋሐ ክሊ ዕድመ ዕቑባን
- ዓቕሚ ምእላይ ተሓከምቲ ሆስፒታላት
- ዓቕሚ ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ንኡሳን ዘባታት
- ሽፈና ክትበት
- ኣሃዛት ለብዒ

ለበዳ ኮቪድ-19 ንክንግምቶን ክንፈልጦን ኣጸጋሚ ኰይኑ ረኺብናዮ ኣለናን ቀጺሉ እውን እቲ ለበዳ ይኹን ምዕባለታት ቫይረስ ከመይ ክኸውን ኢዩ ንዝብል ዘይተኣማምን ኰይኑ ኣሎ። እዚ ስትራተጂ እዚ ስለስተ ምዕባለኣዊ ተኽእሎታት እዚ ለበዳ ኢዩ ዝገልጽ።

- ትሑት ደረጃ ኣሃዛት ተዓቄብቲ ሆስፒታል ንሕብረተሰብና ዘየሰክፍ ሳዕቤናት ምስፍሕፋሕ ለብዒን
- ደረጃ ተዓቄብቲ ሆስፒታል ገለ ልዕል ዝበለን ምስፍሕፋሕ ለብዒ ንሕብረተሰብና ብገለ ደረጃ ዝጸሉን
- ልዑል ደረጃ ተዓቄብቲ ሆስፒታልን ምስፍሕፋሕ ለብዒ ንሕብረተሰብና ብከቢድ ደረጃ ዝጸሉን።

ዘይተኣማምን  ኩነታት ብምኧኑ ክመጽእ ዝኽእል ምዕባለታት ለበዳ ኢዩ እዚ። ንምዕባለ እዚ ለበዳ ክጸልውዎ ዝኽእሉ ኣውራ ሓሙሽተ  ሮቛሒታት ኣለው። ደረጃ ዓቕሚ ምክልኻል ድሕሪ ክትበት ወይ ረኽሲ፡ ምስፍሕፋሕ ቫይረስ ኣብ ቅነ ወቕቲ ሓጋይ፡ ዝተቓያየረ ባህሪ ዝህልዎም ሓደስቲ ዓይነታት ቫይረሳት፡ ህዝብና ካብ ቫይረስ ንምክልኻል ዝምልከትዎ ወገድትቲ ቅጥዕታት ክሳብ ክንደይ የኽብሮምን ረኽስታት ትበታት ስርዓተ ምስትንፋስ ክሳብ ክንደይ ይኽሰቱን ዝኣመሰሉ ሮቛሒታት ኢዮም።

## ክትትልን ተዳልዎን

ዘሎ ቁጽጽር ኣብ ቦትኡ ንክዕቀብ ከባብያውያን ይኹኑ ሃገራውያን ሰበስልጣናት ንዘለናዮ ኩነታት ብጥብቂ ክከታተልዎን ከከም ኩነታቱ ድማ ዘድሊ ስጕምቲታት ከተኣታትው ኣገዳሲ ኢዩ። ስለዚ ድማ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘሎ ደረጃ ተዳልዎ ክሳብ ወርሒ ሚያዝያ ንክቕጽል መንግስቲ ወሲኑ ኣሎ።

ለበዳ ኣብ ቍጽጽር ንምእታው ዕማም- TISK- መርመራ፡ግለላን ምንዳይ ምንጪ ለብዒን ወሳንነት ጸኒሕዎ ኢዩ። ንኡሳን ዞባታትን ትካላት ትዕናታትን ኣብ ሰሰሙን ን10 ሚእታዊት ካብ ህዝብና ፈጣን መርመራ ንምክያድ ንክዋፈራ ድልው ዓቕሚ ኣለወን። ቀጺሉ እውን ኣኣብ ሓደ ሰሙን ሓደ ሚእታዊት ካብ ህዝብና ንክኸታትባን ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ሳምንታት ድማ ናብ ሓሙሽተ ሚእታዊት ክብ ንከብልኦን ድሉው ዓቕሚ ክህልወን ይግባእ።